# ስንበት ዘመጻጕዕ

## Sunday of the Paralytic (March 19, 2006)

by Abba Awte Woldu, O.S. Cist. ብኣባ ዓውተ ወልዱ ማ. ሲቶ

ራብዓይ ሰንበት ዘዓቢይ ጾም **ዘመጻጕዕ** ይበሃል። መጻጕዕ ማለት ልሙስ፡ ማለት ኢዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰንበት መዓልቲ ንሓደ ንሠላሳን ሾሞንተ ዓመት ዚኣክል ሰውነቱ ዝመልበሰ ሰብ ብቕጽበት ኣሕዊዩ "ዓራትካ ተሰኪምካ ንገዛኻ ኪድ" ንዝበሎ ዚዝክር ሰንበት ኢዩ።

| | | |
|---|---|---|
| **ያረዳዊ መዝሙር፡** | | "ኣነ ጐይታ ሰንበት ኢየ... ብግብረይ እመኑ ..." |
| **ንባባት፡ 1ይ ንባብ** | **ገላ5፡1-ፍጻሜ** | "ትምህርቲ ወንጌል ዘይልወጥ ሓቂ ኢዩ።" |
| **2ይ ንባብ** | **ያዕ 5፡ 14-ፍጻሜ** | ብዛዕባ ምሥጢረ ቀብዓተ ሕሙማን ኢዩ፡ "ሰብ (ብጽኑዕ) እንተሐመመ ካህን ይጸውዕ፡" ይብል። |
| **3ይ ንባብ** | **ግ.ሓ. 3፡ 1 - 12** | ሓዋርያት፡ ክርስቶስ ብዝሃቦም ሥልጣን ሕሙማት ልሙሳት የሕውዩ ከምዝነበሩ ይገልጽ። |
| **ወንጌል** | **ዮሓ 5፡ 1 - 25** | "... ትንሥእ እሞ፡ ዓራትካ ተሰኪምካ ኪድ!..." |
| **ምስባኽ** | **መዝ ፵፩፡ 4 - 5** | ሓሚሙ ምስ ደቀሰ እግዚኣብሔር የናግፎ<br>ካብ ሕማሙ ድማ የሕውዮ<br>ኣነ ከዓ ኦጐይታይ መሓረኒ በልኩ። |

ክርስቶስ ነቲ ሓጋዚ ዘይብሉ ሓጋዚኡን ዋልታኡን ምርኩሱን፡ ነቲ ዓርኪ ዘይብሉ ዘይጠልም ዓርኪ፡ ነቲ ሓላዪን ኣላይን ዘይብሉ ዚድንግጽን ዚሓልን፡ ብምኳኑ ነዚ ኣላይን ሓላይን ዘይነበሮ ንሠላሳን ሾሞንተ ዓመት ዝለመሰ ሰብኣይ ማይ ኪናወጽ ከይተጸበየ፡ ኃይልን ሥልጣንን ሰለ ዝነበሮ፡ ብቓሉ ኣዚዙ ብቕጽበትን ንሓንሳእን ንሓዋሩን ኣሕወዮ።

ኢየሱስ ተኣምራት ኪገብረልና ብወገና እምነትን ትሕትናን ተኣዛዞን ኪህልወና የድሊ። በዚ መሠረት እቲ ታሪኽ ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ዚንገሮ መጻጕዕ (ልሙስ) "ክትሓዊዶ ትደሊ?" ኢሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስሓተቶ፣

1. ንሠላሳን ሾሞንተ ዓመት ተጸቢዩ ትስፉ ቘሪጹ፡ እምነት ኣጥፊኡ፡ ዘይነኮነስ ብቀጥታን ንዝቀልጠፈን እምነትን ትሕትናን ብዝመልኣ መንገዲ፡ "እወ ክሓዊ እደሊ" ድሕሪ ምባል ዝነበሮ ጸገም ገሊጹ። ኣምላክ ከሃሌ ኵሉ ከሎ ናትና እምነትን ናትና ድላይን ይሓትትን የማኽርን ምኽንያቱ ኃይሊ ኣምላኽ ኣባና ክሰርሕ ድላይና ክፉትን ተቀባልን ኪኸውን ኣድላዪ ስለዝኾነ፡
2. ሽው ክርስቶስ *"ተንሥእ፡ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ"* በሎ። ከይተጠራጠርና ክንኣምንን ክንእዘዝን ከሎና ድላይናን ኃይሊ ኣምላኽን ተራኺቡ ብኃይሊ እቲ ሓደ ነገር'ኳ ዘይሰኣኖ ኣምላኽ፣ እቲ ንሰብ ዘይከኣልን ዘይሕለምን ብኡ ንብኡን ምሉእ ብምሉኡን ሾዑ ንሽዑን ፍጻሜ ይረክብ።

እቲ ሕሙም ኣብ እምነቱ ተደጊፉ ንሠላሳን ሾሞንተ ዓመት ዝኣክል ኪገብሮ ንዘይከኣሎ ነገር ኪግበር ከም ቃል ክርስቶስ ኪእዘዝ ተረኺበ። ኃይሊ እምነት ምስ ኃይሊ ከሃሌ ኵሉ ክርስቶስ ተራኺባ ከዓ ተኣምር ሠርሐት።

ከምቲ ንእኖና እግዚእትነ ማርያም መልኣኽ ዝተናገራ፡ ንእግዚኣብሔር ዝሰኣኖ ነገር የልቦን: ኣብነት ወላዲተ ኣምላኽ ተኸቲልና፡ ኣመንትን፡ ብትሕትና ተኣዘዝትን ኰይና ምስ እንርከብ፡ እቲ ዘይከኣል ዚመስለና ዝነበረ፡ ብኃይልና ዘይኮነስ ብኃይሊ ኣምላኽ ኪፍጸም ኢዩ። እቲ ዚሥዕረናን ዚጸቕጠናን ዝነበረ ከዓ ተሣዒሩን ተጸቒጡን ንርእዮ።

ነቲ ንሠላሳን ሾሞንተን ዓመት ዝማሰነ ሰብ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ንዝበለ ክርስቶስ *"ክእለትካ ወሰን ዘይብሉ ብምሕረትካን ንሓልዮትካን ንዓለም ምሉእ እተሕጐስ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ነዚ ድንቂ ዝኾነ ነገራት ዝገበርካ! ኣምላኽ ክበር ተመስገን"* ክንዲ ዚብልዎ፡ ክንዲ ብግሩም ግብሪ ኣምላኽ



ዚድነቑን፡ ሕግን ሥርዓት-ሰንበትን ንምሕላው፡ *"ቀዳም መዓልቲ ዓራትካ ተሸኪምካ ክትከይድ ኣይግባኣካን"* ኪብሉ ነቲ ሓውዩ ብታሕጓስ ዚሰራሰር ዓገትዎ።

ሓቂ ግን፡ ቀዳም ብምሕረት ኣምላኽን ብምሕዋይ ንሠላሳን ሾሞንተን ዓመት ንዝለመሰ ብተኣምራት ምሕዋይን ትኽብር እምበር ኣይትሠዓርን ኢያ። ኣምላኽን ደቂ ኣምላኽን ብፍቕሪ ተላዒሎም፡ ሠናይ ዘይገብሩሉ ሰዓትን መዓልትን በዓልን ኪህሉ ኣይኽእልን፡ ኣይግባእን ኣይከኣልን እውን።

ሰዓታት፡ ዕለታት፡ በዓላት ንኽብሪ ኣምላኽን፡ ምእንቲ ጽድቂ ደቂ ሰባትን፡ ኢዮም ተሠሪዖም እንበር፡ ኣንጻር ክብሪ ኣምላኽን፡ ምእንቲ ሕጊ ኮይኑ ኪሕሎን፡ ኣይኮነን። ከምዚ ናይዚ ሕሙምዚ ምሕዋይ፡ ኣድላይን ሕፁጽን ናይ ፍቕሪ ሥራሕ ኣብ ዚድለየሉ ሰዓትን ዕለትን በዓል ወይ ዘይበዓል ኢልካ ክትሓስብን ከተማትእን ምርካብ ትርጉም በዓልን ዕላማ በዓላትን ዘይምርዳእ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ግቡዝነት እውን ኢዩ።

እዚ ኪበሃል እንከሎ፡ *"ዘይጽቡቕ ኢየ ዝገብር ዘሎኹ"* እናበልካ ነፍስኻ ክትፈቅደሉ፡ ንሥሓ ክትኣትወሉ፡ ምስ ኣምላኽ ክትራኸበሉ፡ ኢሉ እግዚኣብሔር ዚሠርዓልካ ዕለታትን በዓላትን፡ ቤተክርስትያን ኣደና ብኃልዮት ደቃ ንክብሪ ኣምላኽን ንድኅነት ነፍሳትን እነውዕሎ ዕለታትን በዓላትን ዝሠርዓትልና ሸለል ክንብል ማለት ኣይኮነን። ሕፁጽን ንቡርን ፈሊና ኣብ ኵሉ ከከም መንገዱ ሠናይ ነገር ካብ ምግባር ዓዲ ኣይንውዓል።

እምበኣርከስ፡ በዚ ሕሩይ እዋን ጾም ተጋድሎ ንሥሓን

1. ብቃለ ወንጌል ተመሪሕና፡ ብዓራት ጣዕሳን ንሥሓን ናብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብና፡ *"ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ"* ንዚብላ ትንሣኤን ሕይወትን ዜበሥራ ቃላት ንምስማዕ ንትጋህ፤

2. ኣብዚ ጊዜ እዚ ኮነ ኣብ ኵሉ መዋዕለ ሕይወትና ንኣምላኽን ንቃል ኣምላኽን ብቐዳምነት ኣብ ሕይወትና ብምሥራዕ፡ ሕጊ ሕይወትና ሕጊ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ሕጊ ፍቕሪ ብጻይን ስለዝኾነ፡ ከም መምዘኒ ሥራሕናን ኅልናናን ገርና ልዕሊ ኵሉ ብፍቕሪ ኣምላኽ ንመራሕ፤

3. ኣምላኽ ሠናይ ዘይግበረሉ እዋን ስለዘይፈለየ፡ ኣብ ኵሉ መዋዕልና ነቲ ሠናይ ዝኾነ ተግባር ነዘውትር።

ወላዲተ ኣምላኽ እግዚእትነ ማርያም፡ ፍቁር ወዳ ካብ ሕማም ነፍስናን ሥጋናን ኬሕውየና ብኣማልድነታ ትርዳኣና። ኣሜን።

*ብዛዕባ እዚ ትምህርቲ ይኹን ካልእ ሕቶታት ነባ ዓውተ ክትውከስዎ እንተደሊኹም ብኢመይል ክትረኽብዎም ትኽእሉ፡* "Awte Weldu" <sebabit2@yahoo.com>